# ኢድሪስ ኣቡ-ዓረ፡ ምእንቲ ናጽነት ህዝቡ ኣካሉ ዘወፈየ ሓርበኛ

ሓንቲ ለይቲ ኣብ 1972 ንሓደ ትሕቲ ዕድመ ዝኾነ መንእሰይ ፍልይቲ እያ ነይራ። ንሓየለይ ሰሙናት ኣብ ኣእምርኡ ጠኒሱዎ ዝነበረ ሓሳብ ዝተወልዳላ ለይቲ ድማ ነበረት። ምናልባት ቅድሚኣ ዝነበረት ለይቲ ድቃስ ዘይብሉ ሓዲሩ ክኸውን ኣለዎ። ኣጋ ምሸት ምስ ኮነ ድማ ነቲ ዝወጠኖ መደብ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ነተን ክሕልወን ዝዋዓለ መጓሲኡ ናብ ቤተን ኣቕኒዑ፡ ኣንፈቱ ንመሮር ኣቢሉ ጉዕዝኡ ጀመረ። እዚ ውልዶ መንእሰይ ጌና ጸወታ ዘይጸገበ፡ ሰባትውን ንሓሳባቱ ብዙሕ ጊዜ ሽለል ዝበልዎ ክኸውን ይኽእል እዩ። እታ ምሸት እቲኣ ግን ነዚ ኣራኣእያዚ ትብድህ ነበረት።

እዚ መንእሰይ እዚ ኢድሪስ ይበሃል። ጌና ብዕሽሉ እናጓሰየ እንከሎ፡ ሰራዊት ሓርነት ኣብ ከባቢ ሰምሃር ክሓልፉ ይሪኢ ስለዝነበረ ኩነታቶም ክፈልጥ ተሃንጥዩ። መተዓብይቱን ደቂ ዓዱን ድማ ዕላማ ገድሊ እዞም ኣብ በረኻ ጥራይ ዝሓድሩ ዝነበሩ ተጋደልቲ ኣዕሊሎሞ። ኢድሪስ ተመሲጡ። ሓንቲ መዓልቲ ድማ ከምኦም ዕጥቂ ንሓርነት ተሸኪሙ ነቲ ዓቢ ዕላማ ንምጨባጥ ጊድኡ ከበርክት ከምዘለዎ እቲ ዕሽል ሕልንኡ ነጊርዎ። ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ድማ ድቃስ ሲኢኑ። ኣብ መወዳእታ ግን እታ ምሸት እቲኣ ነቲ ነዊሕ ዝገበረ ጥንሲ እተግህድ ነበረ። ኢድሪስ ወሲኑ። እወ ብለይቲ ንህዝቡ ካብ ኣደራዕ መግዛእቲን ግፍዕን ንምግልጋል ምስቶም ሰራዊት ሓርነት ክምርሽ ወሲኑ። ብለይቲ ድማ ኣብ 1972 ናብቶም ኣብቲ ከባቢኡ ዓስኪሮም ዝነበሩ ኣሃዱታት ተጸምበረ። ነቲ ወለዱ ዝሃብዎ ናይ ጉስነት ሓደራ ሰዊኡ ድማ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ኣቐዲሙ። ዝድነቕ ልቦና። ምናልባት ምስ ራኣይዎ፡ ዝኽእል መሲሉ ኣይተራእዮምን ይኸውን። እንተኾነ ግን ተቐቢሎም፡ ናብ ታዕሊም ኣእትዮሞ።

ታዕሊም ድሕሪ ምውድኡ ድማ ናብ ተዋጋኢ ሰራዊት ተመዲቡ ብጅግንነት ኣብትሕቲ ጽንኩር ኩነታት ተቓሊሱ። ጅግና ኢድሪስ ኣቡ-ዓረ፡ ኣንጻር መግዛእቲ ጥራይ ኣይኮነን ተቓሊሱ፡ ባህሪውን ብግዲኡ ሓደ ተጋዳላይ ሓርነት ክብድሆ ዝነበሮ ካልእ ገድሊ እዩ። ሓርበኛ ኢድሪስ፡ ኣብ ደባይ ኣሃዱታት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኣብ ጽዑቕ ምንቅስቓሳት ዝነበሮ ገድላዊ ዕማም ከሎ ኣብ 1976 ከቢድ ማህሰይቲ ወረዶ። ብለይቲ ምስ ብጾቱ እናተጓዕዘ እንከሎ ድቕድቕ ጸልማት ስለዝነበረ ሃንደበት ሽተት ኢሉ ወዲቑ ንቑልቁል ኣንከራርዩ፡ ብኸቢድ ቆሲሉ ድማ ንሓዋሩ ምንእቲ ብርሃን ህዝቡ ኣብ ጸልማት ኣካሉ ከፊሉ፡ ስንኩል ኮይኑ ተሪፉ።

ድሕሪ ሕክምና ምእታዉ፡ ዘይፍወስ ስንክልና ስለዝነበሮ፡ እንዳስንኩላን ኣትዩ ቃልሱ ቀጺሉ። ኣብ 1978 ምስ ምዝላቕ ናብ ውሕስ ቦታ ንምዕቋብ ናብ ሱዳን ተጓዒዙ ኣብኡ ድማ ምስ ሓያል ባህሪ ገጢሙ ሞራሉ ዓቂቡ ክሳብ 1982 ጸኒሑ። ኣብዚ ዓመትዚ ግን ብዓቕሙ ኣብ ንጡፍ ስራሓት ገድሊ ከበርክት ይኽእል እዩ ተባሂሉ ስለዝታኣምነሉ ናብ ስራሕ ተመሊሱ ኣብ ክፍሊ ህዝቢ ተመዲቡ ኣብ ከተማ ፖርት-ሱዳን ሓፋሽ ኣብ ምንቃሕ እጃሙ ኣበርኪቱ።

ተጋዳላይ ኢድሪ ኣቡ-ዓረ፡ ሞራሉ ከየውደቐ ዋላኳ ካብ ሓረስቶት ቤተ-ሰብ ዝተወልድን ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸበ እንተነበረ፡ ብናቱ ተገዳስነት ኣብ ሜዳ ኤርትራ ክመሃር ጺዒሩ፡ ፍረ ዘይሕለል ቃልሱ ድማ ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ክበጽሕ

ኪኢሉ። እዚ ብሓርኮትኮቱ ዝተጎናጸፎ ናይ ትምህርቲ ዓወት ድማ ኣብ ኣገልግሎት ህዝቡን ብጾቱን ኣውዒልዎ እዩ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን፡ ኢድሪስ ኣብ ርእሲ እቲ ዝነበሮ ናይ ቋንቋታት ትግርኛን፡ ትግረን ሳሆን ምልከት ኢደሪስ ቋንቋ ዓረብ እውን ተማሂሩ ብኡ ድማ ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ከበርክት ምኽኣሉ እዩ። ጅግና ኢድሪስ፡ በዚ ቋንቋዚውን ሓንቲ "ምንቅስቓስ ጀሃድ" እትብል ትንተናዊት መጽሓፍ ከሕትም ኪኢሉ እዩ። እዚ ድማ ተጋዳላይ ኢድሪስ ክሳብ ክንደይ ብቕዓትን ተገዳስነትን ከምዘለዎ እዩ ዘሪኢ።

ኣብ 1987 ድማ ኣብ ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ተመዲቡ ኣብ ሱዳን ንዝነበረ ብተጋዳላይ ዓሊ ዑማሮ ዝምራሕ ዝነበረ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ይሰርሕ ነይሩ። በዚ ድማ ክሳብ እዋን መሬታዊ ሓርነት ምእንቲ ህዝቡ ኣብቲ ዝተዋህቦ ዕማም ገድሉ ብብቕዓት ዝቐጸለ ጅግና ወዲ ህዝቢ እዩ። ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገሩን ምውሓስ ናጽነት ህዝቡን እጃሙ ንምብርካት ከይሰልከየ ክሰርሕ ጀሚሩ። ኣብ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ተመዲቡ ድማ ብደረጃ ዳይረክተር ጀነራል ኣብ ክፍሊ ቆንስላዊ ጉዳያት ሰሪሑ። ኣብ መንጎ ጥዕንኡ የሸግሮ ስለዝነበረ ንሃገረ ሱዕድያ ከይዱ ሕክምና ድሕሪ ምርኣዩ ቁሩብ ስለዝተመሓየሸ ንሃገሩ ተመሊሱ ቃልሱ ቀጸለ።

ኣብ 1997 ከም እንደገና ናብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ተመዲቡ ማሕበራዊ ሓርነት ህዝቡ ንምርግጋጽ ንህዝቡ ኣገልጊሉ። ጅግና ኢድሪስ ኣቡ-ዓረ ኣብ መስርሕ ገድላዊ ህይወቱ ውፉይን ቅኑዕን ህርኩትን ተጋዳላይ ምንባሩ ኩሎም ብጾቱ ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ። ሓደ ካብ መለለይኡ ድማ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበሮ ፍቕርን ህዝቡ ክሓልፈሉ ዝነበሮ ሃረርታን እዩ። ንኹሉ ዝገጥሞ ብድሆታት ድማ በዚ ነቕ ዘይብል እምነቱ ይመዝኖ ምንባሩ መሳርሕቱ ይምስክርሉ። ኣብ ዝኾነ ኣኼባ ድማ ካብ ቅንዕንኡ ብምብጋስ ንፍርሒ ሲዒሩ ብትብዓት ሪኢቶኡ ክገልጽ ዘይጸግሞ ኤርትራዊ ዜጋ እዩ።

ካብዚ ብምብጋስ ድማዩ ሓርበኛ ኢደሪስ ኣብ ዝኸዶ ተቓውምኡ ምግላጽ ይኹን ደገፉ ንምግላጽ ድሕር ዘይብል። ተጋዳላይ ኢድሪስ፡ ንኣብነት ብዛዕባ ፓሊሲ "ቋንቋ ኣደ" ዝነበሮ ሪኢቶ እቲ ፖሊሲ ከምዝፈሸለን ብዘይ ደገፍ ህዝቢ ድማ ክዕወት ከምዘይክእልን መጀመርታ ደሊት ህዝቢ ክቕድም ከምዘለዎ ኣብ ዘጋጠሞ መድረኽ ክገልጽ ጀሚሩ። እዚ ድማ ኣብ ዓይኒ ገለ ብኸብዶም ዝነብሩ ሕሱራት ኣእትይዎ። እዚ ፍትሓዊ ሓርበኛ'ዚ ብጾቱ ዘይጠልም ተባዕ ኤርትራዊ እዩ። ሓደ እዋን እታ ሕልንኣ ሸይጣ ብሓደ ሰብ እትዝወር ዘላ ኣስካሉ መንቆሪዮስ እትብሃል ሰበይቲ ነቶም ገዳይ ተቓለስቲ ኣባላት ጉጅለ 15 "ገበነኛታት" እዩም ክትብል ኣብ ኣኼባ ምስገለጸት፡ ኢድሪስ ብድድ ኢሉ ኣብ ጎኒ ጀጋኑ መራሕቱን ብጾቱን ተጣቢቑን ንዘረባኣ ድማ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ጻዕዳ ሓሶት ምዃኑ ነታ ብኸብዳ ዝተዓስበት ልእኽቲ ኣብ ኣፋ በዲህዋ። ብዙሓት ኣብቲ ኣኼባ ዝተሳተፉ ሰራሕተኛታት ድማ ሰብ ኤማን ጀጋኑ ኣብ ጎኑ ከምዘለዉ ሪኡ ተሓቢኑን ኮሪዑን እዩ።

እንተኾነ ግን ሓርበኛ ኢድሪስ ኣቡ_ዓረ መንገዲ ሓቂን ፍትሕን ደው ብምባሉ ብሓሰውትን ጸረ ህዝቢ ዝኾኑ ናይ ውሑዳት ጉጅለ ተጨውዩ ጠፊኡ። ኣብታ

ምእንቲ ሓርነት ህዝቡ ዝተቓለሰላን ዝሰንከለላን ምድሪ ድማ ኣብ ጸልማት ሰፈሩ መሰሉ ተገፊፉ ይርከብ። ንሱ ሓደ ዘይልወጥ መትከል ነይርዎ ብጾቱን ህዝቡን ከይጠልም። ብቐትሩ ብገበነኛታት ጸረ-ህዝቢ ተዓኑ ክዳጎን ከሎ ናይ ቀደም ብጾቱ ዓገብ ምባል ሲኢኖም ኣፎም ዓቢሶም ክኸዱ ክትሪኢ ከሎኻ ትሓዝን። ንሕና ህዝቢ ድማ ነዚ ጅግናዚ ብዘይ ፍትሒ ክጠፍእ ትም ኢልና ክንሪኢ ኣየምሕረልናን እዩ።እንተወሓደ ኣብታ ምእንቲ ህዝቡ ኣካሉን ንእስነቱን ዝኸፈለላ ሃገር ኣብ በት ፍርዲ ቀሪቡ ሪኢትኡ ክገልጽ ክንጽውዕ ክንክእል ኣሎና። ከምዚኦም ዝበሉ ጀጋኑ እንተ ኣጥፊእና ነብስናን ሃገርናን ኣብ ሓደጋ ክትኣቱ ከም እትኽእልን ብሕልንኦም ዝጠለሙ ጠላማት በጋሚንዶታት ክትባላሾን ስምና ድማ ክዋረድ ምኳኑ ክንፈልጥ ይግባእ። ንኹሉ እከይ እዞም ጠላማት ክነቕሓሉን ጀጋኑ መራሕትና ካብ ጸልማት ዝወጹሉ መንገዲ ከነናዲ ታሪኻዊ ሓላፍነትና ምኻኑ ክንግንዘብ የድሊ።

መብጽዓ ጀጋኑ ዊዒሉ ሓዲሩ ክፍጸም እዩ ታሪኾም ድማ ብኽብሪ ክስነድ እዩ።